ናይ ቋንቋ ፖለቲካ ኣብ ኤርትራ 2ይን መጨረሽታን ክፋል

MAHDER PRODUCTION 13/5/2021 Y.T.

ንሓደ ቋንቋ ክትፈልጦ እንተዘይደሊኻ ዘገድደካ የለን፤ - እንተደአ ዕላዊ ቋንቋ ሃገርካ ክኸውን`ዩ ተባሂሉ ኸኣ፡ - ናይ ድምጺ ምሃብ መሰል እንተለካ ትነጽግ ፤ - ብሓይሊ እንተኾይኑ ኸኣ ወይ ትሸፍት ወይ ተጽቅጥ። - ኪኖ እዚ ምግጋይ ግና ዘተዓዛዝብ`ዩ።

MAHDER PRODUCTION በዚ ኣርእስቲ ዘልዓሎ ንቋንቋ ዓረብ`ዩ። ንጉዳይ ቋንቋ ዓረብ ምንጻግ ብዝምልከት እቲ እንኮ ብድፍረት ዝቀረበ ገይሩ ንነፍሱ ኣቕሪቡ`ሎ ! ብድፍረት ከምዘይቀረቦን ብዙሕ ከምዝተጋጌየን ዘርኢ ገለ ካብቲ ዝበሎ ክቕርብ እየ።

- እንተ`ቲ ንምንታይ ንሱ ንቋንቋ ዓረብ ዘይደሊ፤ - እቶም ዝደልዩ ኸኣ ንምንታይ ከም ዝደልዩ ኣብ መጨርሽታ ናይዚ ጽሑፍ ክገልጾ እየ።

መተሓሳሰቢ ፡ እቲ ብወገነይ ዘቅርቦ ሓሳብ ብምሉኡ ነቲ MAHDER PRODUCTION ንቋንቋ ዓረብ ዕላውነት ዘየውህብ ዝበሎ ሓሳብ ኣብ ቦትኡ ከምዘየለን <u>ጉጉይ ሓበረታ ንኸይመሓላለፍን ንምግጣሙ ማለት እንተዘይኮይኑ፤ ንቋንቋ ዓረብ ዕላውነት ዘውህብ ወይ ዘየውህብ ኢለ ዘቕረብኩዎ ከምዘይኮነ ክብርህ እፈቱ። </u>ብ ርእይቶይ እቲ ጉዳይ ካብዚ ኹሉ ዕብይ ዝበልን ብዓበይቲ ክረኤ ዘለዎ ጉዳይን`ዩ።

---

ካብቲ ዝበሎ 4/6

"。。。。。እቶም ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዓረብ ዝዛረቡ ብሄር ረሻይዳ እዮም ፤ እዚኦም ከኣ በዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ዓረብ ወይ ቋንቋኦም ሃገራዊ ክኸውን ኣይክእልን

* ቁጽሮም 0.5 ክሳብ 2.4 ስለ ዝኾነ

* እዞም ቅድሚ 200 ዓመት ካብ ሱዳን ዝሳጎሙ ረሻይዳ፤ ማዓስን ካበይን መጽኦም ጥራሕ ዘይኮነስ ፤ ኣበርክተኦም ኣብዛ ሃገር እንታይ`ዩ ? ዝብል ኣዘራራቢ ካብ ምዃኑ ሓሊፉ ኩሉ ግዜ ኣብ ዜጋታት ዘይዕግበት ምስ ፈጠረ`ዩ፤ እዞም ካብ ዝኾነ ሃገራዊ ዕማም ተገሊሎም 。。。。。"

*********************************************************************

- ኣቶ MAHDER PRODUCTION ንቋንቋ ዓረበኛ ባዕዳዊ ቋንቋ`ዩ እናበለ ራሻይዳ ትዝ ምስ በልዎ፤ ሞምሎቂ ክናዲ ክብል ዝዓበየ ጌጋ`ዩ ፈጺሙ። ንኣብነት ፡-

1- ብዛዕባ ረሻይዳ ክዛረብ እንከሎ ዘርኣዮ ልዕልነት ከምቲ ኣብ ልዕሊ ካለኣት ዘርኣዮ ድፕሎማስያዊ ኣይነበረን ።ድንደና`ዩ። ዘሕፍር።

2- ኣብቲ ንጭብጢ ዘቅረቦ ቁጽሪ ብዝሒ ተዛረብቲ ናይ`ተን 9 ቋንቋታት ራሻይዳ /ዓረበኛ ኣብ መበል 6 `ያ ተሰሪዓ ዘላ፤ MAHDER PRODUCTION ዘስተባሃለሉ ኣይመስልን !

3- ቁጽሮም 0.5 ክሳብ 2.4% ! ካብ 0.5 ክሳብ 2.4 ምባል ዘይ ስነፍልጠታዊ ፤ ዘይቀራረብ ገምጋም ጥራሕ ዘይኮነስ ተንኮል`ዩ ! ! ንኣብነት ካብ 0.5 ክሳብ 0.7 ክትብል ንቡር`ዩ !

4- ኣብ ኤርትራ ዝተቀመጥዎ ዘመን ካብ 200 ዓመት ስለ ዘይበዝሕ ! (MAHDER PRODUCTION ናይ በዓል ጆርጂ ዋልተር 1920፤ ዕጫ ግዝኣታት ጥልያን 1948 ብጆን ከለመንቲ ግረይን ወዘተ ብዛዕባ ምቅይያር ደሞግራፊ ኣብ ኤርትራ ዝጸሓፍዎ ምውካስ ከድልየካ'ዩ ሹዑ ብፍላይ ኣብ ከበሳ ብዓሳክር ኣሉላ ጀሚሩ ኣብ ግዜ ጥልያን ዝቀጸለ ንደቀባት ዝዓብለለ ናይ ኢትዮጵያውያን ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ናይ ተጋሩ ምስፋር (ብ መሰረት ኣሉላ ዘጽደቆ ሕጊ ርስቲ ደቂ 40 ማእከላይ ዓለት) 200 ዓመት ዘሕለፈ ከምዘይኮነ ክበርሃልካ'ዩ። ስለዚ ረሻይዳ 200 ዓመት ጥራሕ ስለ ዝገበሩ ቋንቋኦም ባዕዳዊ ምባልካ ትወሓጥ ኣይኮነትን ።

5- .......... እዞም ካብ ኩሉ ሃገራዊ ዕማም ተገሊሎም ዝነበሩ ፤ ኣዘራረብቲ ........ ወዘተ ኢልካ ንኤርትራዊ መንነቶም ከተነኣእስ ፈቲንካ ፤ በልሰ'ከ ! ኣብ ኤርትራስ እንተዘይ ተገሊሉ ከምድልየቱ ብውንታኡ ተገሊሉ ክነብር ዝኽእል ሰብ ኣሎ ? !

ስምዓኒ'ባ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ብቋንቋኡ ክጽዋዕ ዝደልን ዘይደልን ብቋንቋኡ ክጽዋዕ እንኮሎ፤ ረሻይዳ ግና ብቋንቆኦም ዘይተጸወዑ ስለምንታይ'ዩ ? ! ስለ ምንታይ ረጊጽካያ ሓሊፍካ ?!

********************************************************************************

ካብቲ ዝበሎ 5/6

"。 。 。 。 。 ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተመስሪታ ክሳብ ካብ ኤርትራ ፈጺማ ክሳብ ዝጠፈኣትሉ ግዜ ፤ ንቋንቋ ዓረብ ንምስፍሕፋሕ ዓቢ ወፍሪ'ያ ገይራ ። ካብኡ :-

- ዓረበኛ ወግዓዊ ቋንቋ ጌራቶ

- ናይ ትግረ መጻሕፍቲ ኣንዲዳ " 。 。 。 。 。 "

********************************************************************************

ኣቶ ! MAHDER PRODUCTION እቲ ንጀብሃ ዘፍሸለ ንሻዕብያ ዘዔወተ እቲ ዓረበኛ ስለ ዝመረጸ እቲ ኸኣ ስለ ዘይመረጸ'ዩ ዘስምዕ ኣዘራርባኻ ደጊምካ ስምዓዮ !

- " ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተመስሪታ ክሳብ ካብ ኤርትራ ፈጺማ ክሳብ ዝጠፈኣትሉ ግዜ " ምባልካ ፖለትካዊ ድኽነት ዘለዎ ኣበሃህላ'ዩ። ካብኡ ዝገደደ ኸኣ እቲ ጉዳይ ናይ ጀብሃ ካብ ሜዳ ምርሓቅ ዘለቅለቅ ኢሉካ'ሎ ፤ ዓቀንካ ኣይኮነን ፤ እዚ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ኣእዳው ዝነበሮ ተረኽቦ'ቲ ንምምዛን ጸጊዕነትካ ኣይክሕግዘካን'ዩ።

- " ዓረበኛ ወግዓዊ ቋንቋ ጌራቶ" ዝበልካዮ ሓሶት'ዩ ። ኣብ ተሓኤ ዓረበኛን ትግርኛን'ዩ ዕላዊ ቋንቋታት፤ ዝኾነ መራሒ በቲ ዝመልኦ ትግርኛ ድዩ ዓረበኛ ምስ ተዛረበ ይትርጎም ትግርኛ ወይ ዓረበኛ ዘይፈልጥ መርሕነት ኣይነበረን ካብ ዝዓበየ ክሳብ ዝነኣሰ ፤ እቲ ኣኼባ ምስ ህዝቢ እንተኾይኑ ብቋንቅኡ'ዩ ዝካየደሉ ። ንኣብነት ኣብ ደንካልያ ስራሕ ሃሊዩዎ ዓፋር ዘይፈልጥ ኮይኑ ናብ ዓፋር ዝትርጉም ሰብ ይምዘዘሉ፤

እንተ'ቲ ተጋዳላይ ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ብናይ ኣዲኡ ቋንቋ ክዛረብን ክደርፍን'ዩ ኣሕሊፉዎ

ንኸገርመካ ብ 1964 ከም በዓል መሓመድ ብርሃን ብላታ ትግርኛ ዝቋንቋኦም ተማሃሮ ናብ ተሓኤ ምስ ተሰለፉ ፤ ከሳብ ሎሚ ንናይ ዜና ኣገልግሎት ብጀካ ብዓረብ ብትግርኛ ዝጽሕፍ ሰብ ስለ ዘይነበረ ነዚ ዘይተደላዩ ጋግ ዝዓጽዉ ምምጻኦም ኣብቲ ውድብ ከም ዓቢ ዓወት'ዩ ተቆጺሩ። ታሪኽ ምጥምዛዝ እቲ ዝኸፈኤ ገበን'ዩ ። ተጠንቀቅ !

- ደሓር ከኣ MAHDER PRODUCTION ከም ሓደ ነጣፊ መጠን ኤርትራ ዘረጋገጸቶ ሉኡላውነት እኩብ ድምር ናይቲ ተሓኤ ዝጀመረቶ ህግ ዝደምደመቶ ቃልሲ ምዃኑ ሓባሪ ከድልየካ እይነበርን ፤ ሕማቁን ጽቡቁን ታሪኽ ኤርትራ ታሪኽ ኩልና'ዩ ።

- ኣብ ታዕሊም ብዓረበኛ'ዩ ነይሩ ምኽንያቱ እቶም ዓለምቲ ኣብ በዓል ሱዳን ዒራቅ ዝተማህሩ'ዮም ነይሮም ኣብ ርእሲኡ ኸኣ እቲ ታዕሊም ብሓደ ካብቲ 2 ቋንቋታት ክኾውን ግድን'ዩ።

- እቲ ተሓኤ ኣንጺዳቶ ትብሎ ናይ ትግረ መጻሕፍቲ ጭብጢ ከተቅርበሉ ኣለካ፤ ስቅ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይክኸውንን'ዩ ። ኣበይን ? መዓስን ? ብበዓል መንን ?

*************************************************************************

ካብቲ ዝበሎ 6/6

"。。。。。እቶም ዓረበኛ ዕላዊ ቋንቋ ክገብሩ ዝደልዩ ዝነበሩ (ትግሪኛን ዓረበኛን ዝብሉ ዝነበሩ ኣባላት ባይቶ ኤርትራ ማለቱ'ዩ) ንርእሶም ዓረበኛ ዘይፈልጡ'ዮም ነይሮም ! ብድሕሪኦም ከኣ ንሶም ዝውክልዎም 。。。。。!"

*****************************************************************************

- ኣቶ MAHDER PRODUCTION ስለ ዘይፈልጥዎ ከደልዩዎ የብለሙን ወይ ኣይነበሮምን ዝብል ስነ ሞጎት ካበይ ዝመጸ'ዩ ?

- ንሓበረታ ዝኣክል ፡ ኣብቲ ዝተጠቅሰ እዋን ይኹን ቅድሚኡ፤ ብዝነበሮም ዓቢ ዓቅሚ ናይ ዓረበኛ ኣብ ቆንስላት ጥልያን ማእከላይ ምብራቅ ዝሰርሑ ፤ ኣብ ምሽምጋል ሃገራት ኣዕራብ ዝነጠፉ ፤ ተርጎምትን ነይሮም'ዮም። ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ነቶም ኣባላት ባይቶ ዓረብ ዘይፈልጡ'ዮም ነይሮም ኢልካ ከተእምን ምድላይ ደርገፍገፍ'ዩ ።

እዚ ከምቲ ኣቀዲመ ዝበልክዎ ን MAHDER PRODUCTION ተኸታተልቱን ንሓበረታ ክኾኖም ኢለ'የ ። ብዝተረፈ ኣብቲ ድሒሩ ዝመጸ ተጽዕኖ ናይቶም fanatic ሃጼታት ሓበሻ ሩኡይ ዝነበረሉ ዘመን፤ ዓረበኛ ክትመሃር ዝከኣል ኣይነበረን። እዚ ንስለ ምብርራህ'ዩ ፤

ብዓቢዩ ግና ፡ ስለ ዘይትፈልጦ ክትመርጾ የብልካን ኣይባሃልን'ዩ ። ድልየቱ ኾይኑ ካብ ድልየቱ ዝተገትኤ ነቲ ዝደልዮ ክፈልጦ ኣይክእልን'ዩ ፤ ንኽፈልጦ መንገዲ እንተ ረኺቡ ኸኣ ነቲ መንገዲ ክመርጾ'ዩ ። ምምርማር ዘድልያ ኣይመስለንን !

ንኣብነት ሓደ ተማሃራይ ከመሃሮ ዘለዎ ዓይነት ትምህርቲ ክመርጽ እንኮሎ ድልየቱ ስለ ዝደፈኦ'ዩ እንተ'ቲ ፍልጠት ሲዒቡ'ዩ ክመጽእ።

ሽተት ዝበለቶ ኸኣ !

"。。。。。 ትግሪኛ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ኬድና ከም መረዳድኢ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና። እዚ ግና ተዛረብቲ ትግርኛ ስለ ዝበዝሑ ምኽንያት ጥራሕ ክንህቦሉ ኣይንኽእልን ኢና። ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ኣምሓሪኛ ዝቋንቋኦም ብብዝሖም ኣብ 2ይ ደረጃ'ዮም ዝስርዑ (እዛ ትስዕብ ዘረብኡ ኣስተባህሉላ) ......... ግና ከምቲ ኣቀድምና ዝበልናዮ ምዕባለን መግዛእትን ኣብ ምስፍሕፋሕ ቋንቋ ዓቢ ተራ ስለ ዘለዎ ኣምሓሪኛ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ከስፋሕፍሕ ኪኢሉስ ከምቲ ትግርኛ ኣብ ኤርትራ ዝህቦ ዘሎ ኣገልግሎት'ዩ ዝህብ ! 。。。。。"

*****************************************************************************

ኩቡር ! MAHDER PRODUCTION ብውሱን ግዜን ቦታን ኩነታትን፤ ንኹሉ / ንዝኾነ ግዜን ቦታን ኩነታትን ክትዕቅነሉ ጌጋ'ዩ፡ ....... ኢትዮጵያ ንናይ ሓደ ዕላዊ ቋንቋ መዋእል ኣብ ምስንባት ገጻ ምኺና ዝተራእየካ ኣይትመስልን ኢኻ !

ብዝተረፈ

MAHDER PRODUCTION ጥራሕሲ ንዓረበኛ ዝነጽግ ይኹን እምበር ዋላ ምስ ነፍሱ እናተገራጨወ ወይ ምስ ነፍሶም ዝገራጨዉ እናምጸኤ ከምድር ዓጢቁ ከም ዝመጸ ዝኾነ ነታ ቪድዮ ዝረኣየ ፤ ከስተባህለሉ ዝኽእል ቁሉዕ ነገር'ዩ ነይሩ። ነዚ ዝምልከት ብመጠኑ ነቲ ምግርጫው ዘርኢ ነጥብታት'ውን ቅድም ኢለ ኣቕሪበ ነይረ ፤ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይተን ዝሓለፋ 6 ነጥቢ፤ MAHDER PRODUCTION ከምቲ ዝተጃህሮ እቲ እንኮ ንጉዳይ ቋንቋ ዓረብ ብድፍረት ዝቀረቦ ኣምሲሉ ፤ ንኻለኦት ከኣ ከም ፈራሃት (ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር ግዜ ሱዳናውያን ዓረብ ዝጽሕፍሎም ........) እናበለ ከቕርብ ዝፈተነ ፤ ንሱ'ውን ብድፍረት ከም ዘይቀረቦ፤ እቲ ዝነጽግ ንምንታይ ይነጽግ ፤ እቲ ዝጠልብ ከኣ ስለምንታይ ከም ዝጠልብ ክገልጽ'የ ዝበልክዎ መሰረት እምበኣር፡-

- እቶም ዝነጽጉ መሰረት መበገሲኦም ሃይማኖት'ዩ ፤ እቶም ዝጠልቡ'ውን መበገሲኦም ሃይማኖት'ዩ

እታ ቁጻር እዚኣ'ያ !

መን ይፍታሓ'ያ ? !

ኤርትራ ድኻ ኣይኮነትን ገና ግዝእቲ ጣልያን እንኮላ ንሃገራት ዝሸምገሉ ለባማት ነይሮማ'ዮም ሓድነቶም ከኣ ኣለዉ ፤ ዋላ ሃላያት / ተንኮለኛታት እንተ ጠናነግዋ እታ ቁጻር ክትፍታሕ'ያ። ....... ሰላም ደቂ ዓበይቲ !

AAHafiz